# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.18 | ሰንበት 20 መስከረም 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ካብ ኣደነቕቲ ልምድታት ኣህዛብ


ገጽ 4
ደቂ-ኣንስትዮን ኣከባብን


ገጽ 5
ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን...


ገጽ 7
ምርኢት ካርኒቫል ቤት...


## ኣብ ኣስመራ፡ ብምኽንያት ዝኽሪ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ሰሚናራት ተኻየዱ





ስእሊ-ሄኖክ ተኽለገርግሽ

ብምኽንያት ዝኽሪ ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ትማሊ 19 መስከረም ኣብ ኣስመራ ንትምህርትን ሃገራውነትን ዝምልከት ሰሚናራት ተኻዩዱ።

እቲ ኣካል መደባት ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኰይኑ፡ ብዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምርምርን ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም፡ ከምኡ'ውን ዶ/ር ቴድሮስ ስዩም ኣብ ኮሌጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ዝቐረበ ሰሚናራት፡ "ተራን ሓድግታትን ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ምኽስኻስ ሃገራውነት"፡ ከምኡ'ውን "ትምህርትን ህንጸት ሃገርን" ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ዘተኰረ'ዩ ነይሩ።

ንሳቶም ኣብ መግለጺኦም፡ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ምስራጽ ፍቕሪ ትምህርትን ሃገርን፡ ከምኡ'ውን ምኹስኳስ ሃገራውነትን ሃገራዊ ክብርታትን ዝተጻወቶ ተራን ፍልስፍና ትምህርቲ ህዝባዊ ግንባርን ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጽ፡ ድሕሪ ናጽነት ዝቐጸለ ኣገልግሎት ትምህርቲ'ውን ኣብ'ዚ ኣገዳሲ መትከላት'ዚ ዝተሰረተን ንምዕማቑ ዝዓለመን ከምዝኾነ ኣብሪሆም።

ኣቶ ጴጥሮስን ዶ/ር ቴድሮስን ኣብ መግለጺኦም፡ ንኣገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ምንባይ ቁልዑ፣ ምምስራት ሃገራዊ ናይ ትምህርቲ ፖሊሲን ስርዓትን፣ ምኹስኳስ ሃገራውነት፣ ምጒልባት ውድባዊ ዓቕሚ፣ ምድራዕ ባህላውን ማሕበራውን ሰውራ፣ ምድልዳል መሓውር መንግስትን ግንባርን፣ ምሕብሓብ ሃገራዊ ኒሕን ተወፋይነትን፣ ከምኡ'ውን ትርጉም ህንጸት ሃገር ኣብ ዝብል ዛዕባታት መብርሂን መመያየጢ ሓሳባትን ኣቕሪቦም።

ተሳተፍቲ እቲ ሰሚናር ንህሉው መረዳእታ ዘበርኽ፣ ኣበርክቶ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ትምህርትን ህንጸት ወለዶታትን ዝጉልሕ፣ ብደሆታት ትምህርቲ ንምፍታሕ ዝድርኽ፣ ከምኡ'ውን ምስ መርሓ ትምህርትን ህንጸት ሃገርን ኣብ ዝተኣሳሰሩ ብደሆታት ንምዝታይ ድፍኢት ከምዝፈጥር ብምጥቃስ፡ ዝተቐስመ ተመክሮ ንዘቐጽል ጉዕዞ ትምህርቲ ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ ምስ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ተኣሳሲሮም ክለዓሉ ዝግበኦም ኣገደስቲ ኣርእስታት ኣብ ግምት ክኣትዉ ተማሕጺኖም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ተመሳሳሊ ሰሚናራት ኣብ ዞባታት ሰሚናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ከምእተኻየደ፡ ወኪላት ኤሪና ሓቢሮም።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣጽኒዓቶ ንዝጸንሐት በይናዊ ኣገዳ ኣልዒላቶ

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣጽኒዓቶ ንዝጸንሐት በይናዊ ኣገዳ ከምዝልዓለቶ፡ ብ18 መስከረም ኣፍሊጣ።

እዚ ምምሕዳር ፕረዚደንት ባይደን ብ17 መስከረም 2021 ብዘሖቦ ፈጻሚ ውሳነ ቊጽሪ 14046 ዝጸንዐ ዘይምኽኑይ እገዳ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘየድሊ ሃሰያ'ኳ እንተውረደ፡ እቲ ተወሲዱ ዘሎ ናይ ምልዓሉ ስጉምቲ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኣብ ቅንዕናን ምኽባርን ዝተሰረተ ሃናጺ ዝምድናታትን ምትሕግጋዝን ንምምዕባል ደራኺ ምዕራፍ ክኸፍት ትጽቢት ይግበር።

እቲ እገዳ፡ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ንሰብ-መዚን ኣገደስቲ ቁጠባዊ ትካላትን ዒላማ ዝገበረ'ዩ ነይሩ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ ዝሰደዶ ናይ ዮሃና መልእኽቱ፡ "ንዝሓለፈ መዋእል ሕቔና ሂብናዮ ስለዘለና፡ ንቕድሚት ክንስጉም፣ ከምኡ'ውን ንሓባራዊ ሰላምን ብልጽግናን ብሓባር ክንሰርሕ፡ እቲ ምቹእ ግዜ ሕጂ ኰይኑ ይስመዓኒ።" ኢሉ ምግላጹ ዝዝከር'ዩ።

## ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣብ ኣስመራ ሙዚቃዊ ምርኢት ቀሪቡ

ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ብ18 መስከረም ምሸት ኣብ ከተማ ኣስመራ - ሜዳ ባሕቲ መስከረም፡ ሙዚቃዊ ምርኢት ማለት 'ኮንሰርት' ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ ብምትሕብባር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላትን ዝተወደበን ብኤሪ-ቲቪ ብቐጥታ ዝተፈነወን መደብ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ - ኣብ ቃልሰን ዕማማትን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ሓደ ካብ'ቶም ፍሉያት ራኢታት ምንባሩ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ንኣስታት ክልተ ሰዓታት ዝቐጸለ ምርኢት፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ብተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ጒጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባን ዝተደርፉ ጣዕመ ዜማታት ብኸባራትን መንእሰያትን ድምጻውያን ቀሪቡ።



ስእሊ-ኣብርሃም በየ

ተዓዘብቲ ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ መደብ ብዘይካ'ቲ ንድሕሪት ተመሊስካ ዝኽርታትካ ክተሕድስ ዘለዎ ግደ፡ ሓደስቲ ወለዶታት ንዝተሓልፈ ታሪኽን ምረቱን ብቐሊል ክፈልጡ ከምዝሕግዞም ብምግላጽ፡ ከም'ዚ ዓይነት መደባት ብዝተወደበ መልክዕ ክቕጽል ኣዘኻኺሮም።

# ኤርትራ ኣብ ምፍታሕ ግጭት ሱዳን ሒዛቶ ዝጸንሐትን እዉጅን መርገጺ

ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ኣብ ሱዳን ዝተራእየ ኣዕናዊ ግጭት፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘውረዶ ከቢድ መዓት፡ ንምርግጋእን ጸጥታን እዚ ከቢቢ ዝጸሉ ሓደገኛ ማዘዚት ፈጢሩ ይርከብ።

ኣብ ዝሓለፈ ሓደት ሰሙናት፡ ንኣፈጣጥራ ናይ'ቲ ግጭት ብዘምልከት ማእለያ ዘይብሉ ግጉይ ኣተረጓጉማ ዘለዎ ጸዕጸዕ ናይ መራኸቢ ብዙሓን ትንታነታት ክሰርሒ ቀኒና። ህዱእ ብዘይመስል ገሰጋሰት ግና፡ ዝለዓለ ጽልዋ ንምፍጣር ብዘኽእል ብሰብ ሰርሖ ብልሒ (AI) እናተደገፉ ብጫልፋ ረብሓታት ተደሪኾም፡ ነቲ ግጭት ዘጓህርን ንድሕነት ህዝቢ ሱዳን ናብ ሓደጋ ከእቱ ዝኽእልን ዘመተታት ክካየዱ ጸኒሖም።

ካብ'ዚ ኣሻቓሊ ምዕባለታት ብምብጋስ እምበኣር፡ ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ኤርትራ፡ ንግጭት ሱዳን ኣመልኪቱ ኣብ በርሊን ንዝተጋብአ ዓለምለኻዊ ዋዕላ ኣዳልያቶ ካብ ዝነበረትን ንዊሕ እዋን ሒዛቶ ካብ ዝጸንሐትን መርገጺ፡ ደጊምና ቀንዲ ትሕዝቶኡ ክቐርቦ ንፈቱ።

"... እዚ ዋዕላ እዚ፡ ብርቱዕን ኣድላይነት ዘለዎ ምብራስ ህዝብን ንዋታዊ ዕንወትን ዘስዓበ ግጭት ሱዳን፡ ኣብ ወሳኒ መድረኽ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን እዩ ዝካየድ ዘሎ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ግዚያዊ መዕቀሲ ዝኸውን ህጹጽ ሰብኣዊ ረድኤት ብዘተዋደደ ኣገባብ ክለኣኽ ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ፡ ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ህዝቢ ሱዳን ነባሪን ጽኑዕን ሰላም ኣብ ዝረኽበሉ ፍታሕ ክተኮር ይግባእ።

ኤርትራ ብዙሓዝቶ ሓደሽ ዘይኮነ ኣመለኻኽታ ማሰረት፡ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ሽቶ (ምርግጋጽ ሰላም) ኣብ'ዚም ዝስዕቡ ሸውዓት ኣዕኑድ ይምርኮስ፦

=> ፍታሕ ግጭት ሱዳን ብቐንዱን ብቐዳምነትን ኣብ ህዝቢ ሱዳን እዩ ዝርከብ፡ ኣዕሩኽ ሱዳን ንመስርሕ ሰላም ብሰናይ ፍቓድ ኣብ ምስላጥ ክሕግዙ ይኽእሉ። እዚ ምትሕግጋዝ ድማ ንዘይናወጽ መልሕቕ ዘይገዝእ ክብሪ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሱዳን ሰሪት ዝገበረ ይኸውን።

=> ኣብ'ዚ ጉዳይ ዘተኮሩ ብዙሓትን ዝተፈላለዩ ተበግሶታትን፡ ዘይተሓሰበ ማዘዚት ኣብ ልዕሊ ምፍጣርዎም፡ ህዝባዊ ተስፋ ኣብ ዘይተጉብሮ መሰረትን ብዘይ ሰናይ ፋል ስለ ዝበገሱ'ውን ነቲ ቅልውላው ክጠናንጉ ጸኒሖም ኣለው።

=> እቲ ግጭት፡ ከም ናይ ውልቃዊ ጭኣሲ ወይ ምትህልላኽ ተቓጻጸርቲ ውድባት ተገይሩ ክትርጎም የብሉን። ዘሎምትእ ሓደ ጭብጢ ክንረቅሕ ንኽእል ኢና። ኣብ ቀረባ ግዜ ዝወጸአ ወጽኢት መጽናዕቲ ያለ ዩኒቨርሲቲ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ምዕባል ኣጻዋር ብምዕዳልን ዕሱባት ወተሃደራት ብምምዋልን፡ ዓቕሚ ናይ'ቲ ዳዕም ኣሰሪዕ (RSF) ተባሂሉ ዝፍለጥ ሓይሊ ተደልዲሉ ከም ዘሎ የረድእ። እዚ ኣብ ፈለማ ተሰዊታት፡ ሃገራት ባዕላተን ዝቤታተኦ ናይ ግጭት ቅዲ ኣብ ሱዳን ከም ዝድግም ምስ ዝገብር ሕቡእ ዕላማ ክነመስሎ ንኽእል።

=> ንሱዳን ናብ ንቡር ሲቪላዊ ምምሕዳር ክብጽሕ ዝኽእል ናይ ግዜ ወሰን ዝተገበረሉ መሰጋገሪ ምዕራፍ ናይ ምፍጣር ኣድላይነት ንጹር እዩ። ዝ. ንምትግባር ድማ ልኡላዊ ባይቶ ብህዝቢ ሱዳን ሕድሪ ከም እተዋህቦ ክዝከር ይግባእ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝነበረ መግዛእቲ ካብ ስልጣን ንምእላይ ህዝባዊ ናዕቢ ኣብ ዝተወለዐሉ ግዜ ሰራዊት ሱዳን ኣገዳሲ እጃም ከም ዘበርከተ ይፍለጥ። ኣብ'ቲ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ናይ ምርጫ ባይታ ክጣጠሕን ናብ ንቡር ሲቪላዊ ምሕደራ ንምምላስን ዘኽእል ሃዋህው ንምፍጣር፡ ልኡላዊ ባይቶ ከም ድልድል ኮይኑ ኣብ መሪሕነት ክጸንሕ ኣድላዪ ነበረ። እዚ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰለስተ ዓመት ክበቅዕ ዝነበሮ ዕማም እዩ። የጉዳስ ብዮጉዳም ብዘየገድ ዘሎ ናይ ወግእ ደርኺት፡ እናተዘርገ ክሳብ ሕጂ ይቐጽል ኣሎ።

=> ኣብ ዝኾነት ሃገር፡ ወተሃደራውን ጸጥታዊ ሓይልን ዝዓዘዘ ወይ ዝማቓረሐ ከም ዘይኮነ ትንተና ዘድልዮ ኣይኮነን። በዚ መገዲ እዚ ከኣ ኣብ'ዚ ናይ መሰጋገሪ ምዕራፍ፡ በይናዊ በዓል ስልጣን፡ ልኡላዊ ባይቶ ጥራይ ከም ዝኾነ ክፍለጥ ኣለዎ። ዕጡቓት ሓይልታት ተሓናፊጾም ኣብ ትሕቲ ሓደ እዚን ሃገራዊ ጽላልን ቅድሚ ምቛም ዝተሰርዐ እዩ።

=> በዚ መሰረት፡ ልኡላዊ ባይቶ፡ ኣብ'ዚ ኣህጉራዊ ዋዕላ ሚኒስትራትን ኣብ ካልኦት ተመሳሰልትን ክሳተፍ፡ ኣገዳስን ግቡእን ከም ዝኾነ ኤርትራ ትኣምን።

=> ኣብ መወዳእታ፡ ግዚያዊ ምቁራጽ ተኹሲን ጎደሎ ፍታሕን ኣብ ክንዲ ትጸቢት ዝገበረሉ ሰላም ዘምጽእ ነቲ ቅልውላው እናዘራረገ ተጻብኢቲ ወገናት ዕርዳታት ጽልኢ እናኣደልደሉ፡ ንዝሓየለ ግጭት ከም ዝዓለው ይጉብርን ህዝቢ ዘሞዘብል ወግእ ይፍጥርን ኣሎ። ስለዚ፡ ኣተኩርና ሓፈሻዊ ተጻብኦታት ኣብ ዘጥፍእን ነባሪ መቓናት ሰላም ኣብ ምፍጣርን ዝጠመተ ክኸውን የድሊ፣ የቐጽለይ።"

ዜና

# ደቡብ - ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ብድምቀት ይጽንበል ኣሎ

ዝኽሪ ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ብዝተፈላለየ መደባት ይጽንበል ኣሎ።

በዚ መሰረት፡ ብ17 መስከረም ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ኣብ ዝተኻየደ መኽፈቲ ስነስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ የማነ ኣብራሃ ሓላፊ ኣሃዱ ባህልን ስፖርትን መምህር ኪዳነ ፍስሃየን ብበወገኖም ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ ኣብ ኣዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኻየደ ዝነበረ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣዚ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ንምርግጋጽ ዓቢ ዝርሓወ ድልዱል ሰረት ምንባሩ ብምጥቃስ፡ እዚ ኣዊሕ ራኢ ዝነበሮ መደብ ክውን ንዝገበረ ውድብ ህዝባዊ ግንባርን መሪሕነቱን መጕሶም።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ንንጥፈታት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዘንጸባርቕ ስእላዊ ምርኢት፡ ብኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ተኸፊቱ።

ብ18 መስከረም ድማ፡ ሰሚናር ኣብ ተራን ሓደግታትን ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፣ ከምኡ'ውን ባህላዊ መደብ ተኣንጊዱ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ መደብ፡ ነቲ ዝኽሪ ዘንጸባርቕ ባህላዊ መደብ፡ ከምኡ'ውን ተዘክሮታት ኣባላትን ኣለይትን ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ነበር ቀሪቡ።



ኣብ ክልቲኡ ኢጋጣሚታት፡ ብምኽንያት'ቲ ናይ ዝኽሪ መደብ ክካየድ ኣብ ዝቐንየ ውድድራት ስፖርት ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

"ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓደሽ ወፍሪ ህንጻት ሃገር" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝጽንበል ዘሎ መደባት መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ክሳብ 20 መስከረም ክቕጽል'ዩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊስ 125013 - ቊሳጾ 1284


# ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ንኣብነታውያን ደቂኣንስትዮ መምህራን ኣተባቢዑ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ካብ መላእ ዞባ ንዝተዋጽኡ 63 ጉዳይምን ኣባላት ቤት-ትምህርቲ ሰውራን መምህራን፡ ርእሰ-መምህራንን ሱፐርቫይዘራትን ኣተባቢዑ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድን ኣመሓዳሪት ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃን ዝተረኽባሉ ብ15 መስከረም ኣብ ጊንዳዕ ዝተኻየደ ስነስርዓት፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ መምህር ረሺድ መሓመድ-ዑስማን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡

ኣብ'ቲ ዞባ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት ኣብ ጽላት ትምህርቲ ብዝተገብረ ገዚፍ ወፍሪ፡ ቍጽሪ ትካላት ትምህርቲ ካብ 28 ናብ 826 ከም ዝዓበየ፡ ከም ወጽኢቱ ድማ ቁጽሪ ተመሃሮ ካብ ኣስታት ትሽዓተ ሽሕ ናብ ልዕሊ 97 ሽሕ፣ ብዘሒ መምህራን'ውን ካብ 150 ናብ 3,900 ከም ዝዓበየ ብምግላጽ፡ ንተራ ደቂኣንስትዮ መምህራን ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ምምልማል ሓደስቲ ወለዶታትን መጕሱ።

መምህር ረሺድ ኣስዒቡ፡ ተሸለምቲ ብቑጽሪ ውሑዳት ይኹና'ምበር፡ እቲ ናይ ምትብባዕ መደብ ምጅማሩ ብእወታ ዝርአ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኩሉንትናዊ ሞያዊ ዕቤት ደቂኣንስትዮ ምብራኽ፡ ካብ ቀዳምነታት መደባት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ብወገና፡ እቲ ናይ ምትብባዕ መደብ ምስ ዝኽሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርት ሰውራ ምኽያዱ ድርብ ጽንብል ከም ዝገብሮ ብምሕባር፡ ምሕያል ደቂኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ጽላታት ክድፋኣሉ ጸዊዓ።

ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ድማ፡ ኣብ ኣገልግሎት ትምህርቲ፡ ተሳቲፎን ተወዳዲርንትን ደቂኣንስትዮ ንምብራኽ ብዙሓየለ ክሰራሕ ምጸንሑን ዝምስገን ዓወታት ከም ዝተመዝገበን ብምግላጽ፡ ምትብባዕ ብሉጻት ተመሃሮን ኣብነታውያን መምህራንን ሞራል ዘሰንቕ ብምዃኑ ብውጥን ክምዝሰራሓሉ ኣብሪሃ።

ኣብ መወዳእታ፡ ነተን ኣብነታውያን ደቂኣንስትዮ ናይ ገዝኡ ሜዳልያን ወረቐት ምስጋናን ሽልማት ተዓዲሉ።

# መዘናግዒ

ማርታ ክብሮም

## ካብ ኣደናቕቲ ልምድታት ኣህዛብ

• ኣብ ገለ ክፋላት ኣመሪካን ፊሊፒንስን ኣብ ክንዲ ብኢድካ ተጨባቢጥካ ሰላምታ ምልውዋጥ፡ ጫፍ መልሓስካ ኣውጺእካ ከየላገብካ ንብጻይካ ሰላም ምባል ልሙድ ተርእዮ እዩ።

• ኣብ ቬንዙዌላ ንዘቖጸርካ ሰብ ኣብ ሰዓትካ ምምጻእ ከም ሰግንጢር እዩ ዘቖጽረካ። ስሱዕን ህንጡይን ንከይትሕሰብ ብውሕዱ 15 ደቓይቕ ዝኣክል ናይ ምጥቃዕን ምውጫጭን ልማድ ኣለዎም።

• ኣብ ግሪኽ ህጻናት ዝኸተልዎ ፍሉይ ልማድ ኣሎ። እቶም ህጻናት ስኖም ኣብ ዘጉርፍሉ ግዜ፡ ከም ምልክት ጽቡቕ ዕድልን ጽቡቕ ኣስናን ክውቕሎሎም ብምምናይን ኣስናኖም ናብ ልዕሊ ናሕሶም እዮም ዝድርብይዎ።

• ኣብ ሶሚን ኣመሪካ፡ ኩነታት ኣየር ከመይ ከም ዝቕጽል ንምፍላጥ ዓመታዊ ዝጸምብልዎ ሓደ በዓል ኣሎ። ብመሰረት እቲ ጥንታዊ ኣፈ ታሪኾም፡ ማርሞታ ዝተባህለ እንስሳ ካብ ጉድጓዱ ክወጽእ ከሎ ጽላሎቱ ክርእዮ እንተ ክኢሉ፡ ክረምቲ ንዝመጽእ ሽዱሽተ ሰሙናት ክቕጽል እዩ ማለት እዩ። እንተ ዘይኮይኑ ግና ቀውዒ ቀልጢፉ ክኣቱ እዩ።

• ኣብ ፊንላንድ ካብ 1992 ኣትሒዙ ዝግበር ልሙድ በዓል ኣሎ። ኣብዚ በዓል ሰበይትኻ ተሰኪምካ ኢኻ ቅድድም ጉያ ተካይድ። ኣብቲ ውድድር ንዝተዓወቱ መጻምድቲ ዝወሃብ ሽልማት ልክዕ ክንዲ ሚዛን እታ ሰበይቲ ዝኸውን ቢራታት እዩ። ብዘይካ'ዚ ብፍሉይ ከዘናግዑ ንዝኸኣሉ መጻምድቲ ዝወሃብ ሽልማት'ውን ኣሎ።




• ኣብ ታይዋንን ምብራቕ ኤስያን፡ ሰዓት ብፍሉይ ንዝኾነ ሰብ ብጾታኻ ብኽልቲኡ ኣእዳዎም ሰላም ብምባል ንግዳዊ ካርድ ወይ ገንዘብ ይሁብዎም።

• ኣብ ብዙሕ ሃገራት ኤስያ፡ ብኣየር ዝጉዓዙ ተሳፈርቲ፡ ነፋሪቶም ኣብ መሬት ኣብ እትዓልበሉ ግዜ ብሓጎስ ደንጉኻ ኢኻ ኣብ ቦታ ቁጸራ ክትርከብ ዘለካ።

• ኣብ ግብጺ፡ ክትምገብ ምስ ተቐሪብካ ጨው ምሕታት የሕፍር እዩ። ንጋደምትኻ ጨው ምሕታት፡ መግቦም መቐረት የብሉን ከም ምባል ዘስምዕ እዩ።

## ሮበርት ሊስቶን

ሮበርት ሊስቶን ስኮትላንዳዊ ክኢላ መጥባሕቲ እዩ። ንሱ ቀድሚ ምምሃዝ መደንዝዚ ኣገዚዩ ክኢላን ቅልጡፍን ጠቢሓይ ምንባሩ እዩ ዝንገረሉ። ካብ ዩኒቨርሲቲ ለንደን 'ውን ብሕክምናዊ መጥባሕቲ ቀዳማይ መዓርግ ፕሮፌሰር ክቕበል ዝበቕዐ ሰብ እዩ።



ሮበርት ኣብ ሓንቲ ገጠር ናይ ስኮትላንድ እዩ ተወሊዱ። ንሱ ገና ኣብ ናይ ህጻንነት ዕድሚኡ ከሎ እዩ ብናቱ ሓርኮትኮት ናይ ሕክምና መጽሓፍቲ ከንብብ ጀሚሩ። ናይ መበኢታ ትምህርቱ ምስ ዛዘመ ከኣ፡ ተሓጋጋዚ ናይ ሓደ ዶክተር ጆን ባርክለይ ዝተባህለ ኮይኑ ክሰርሕ ጀሚሩ። ድሕሪ'ዚ ውን ኣብ ለንደን ኣብ ትሕቲ ሓደ ክኢላ ሕክምና ድሕሪ ምምሃሩ ናብ ዝዓበየሉ ከተማ ተመሊሱ ብወግዒ ስራሑ ጀመረ።

ኣብ 1818፡ ኣብ ትሕቲ ዶክተር ጆርጅ በል ብፅኗን ናይ ፈለማ መጥባሕቱ ኣካየደ። እንተ ኾነ ነዊሕ ከይሰርሐ ምስ ጆርጅ በል ስለ ዝተባእሰ ካብ ስራሕ ተሰጎገ። ድሕሪ'ዚ እውን ኣብ ዝተፈላለየ ሆስፒታላት ክሰርሕ ይሓትት እኳ እንተ ነበረ፡ ብቐሊሉ ክሰልጦ ኣይከኣለን። ስራሕ ድሕሪ ምቁራጹ፡ ድሕሪ ኣስታት ሸውዓተ ዓመት ኣብ ሓደ ሆስፒታል ለንደን ተቖጽረ።

ሊስቶን መደንዝዚ ኣብ ዘይተማህዘሉ ግዜ መጥባሕቲ የካይድ ብምንባሩ፡ ንቓንዛ ተሓከምቱ ንምህዳእ ብዝተኻእሎ መጠን ኣብ ሓጺር ግዜ ስራሑ ክዛዘም ይጽዕር ከም ዝነበረ እዩ ዝገልጽ።

ሊስቶን ሓደ መጥባሕቲ ዘድልዮ ሕሙም ብህይወት ክተርፍን ካብ ብርቱዕ ቃንዛ ቀልጢፉ ክገላገልን እንተ ኾይኑ፡ መጥባሕቱ ብቐልጡፍ ኣብ ውሑዳት ደቓይቕ ክዛዘም ከም ዘለዎ ቀጻሊ ይምጉት ነበረ።

ሪቻርድ ጎርዶን ዝተባህለ መሳርሕቱ፡ "ኣብ ግዜና ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ካብ ዝተራእዩ እቲ ዝቐልጠፉ ካራ እዩ። ንሓንቲ ምእላይ ዘድልያ እግሪ ኣብ ውሑዳት ደቓይቕ ከውድኣ ኣይጽገምን እዩ" ብምባል እዩ ንሊስቶን ዝገልጾ።

ሮበርት ኣብ 1847 እዩ ብሕማም ሞይቱ። ኣብ ቀብሩ'ውን ሓደ ኣብቲ ግዜ ልሙድ ዘይነበረ ነገር እዩ ተራእዩ። ኣስታት 200 ሓካይምን ኣስታት 400 ተማሃሮኡን እዮም ኣብ ስነ ስርዓት ቀብሩ ተሳቲፎም። እዚ ብመሳርሕቱን ተማሃሮኡን ማዕረ ክንደይ ፍቱው ከም ዝነበረ ዘርኢ ምኳኑ እዮም ከኣ እቶም ኣብ ዘርያኡ ዝነበሩ ሰባት ዝገልጹ።

ድሕሪ ሞት ሊስተን ሓንቲ 78 ዝኣባላታ ኮሚቴ፡ ንኽብሩን መዘከርታኡን ብምባል ኣብ ሓንቲ ኮሌጅ ለንደን ዓውዲ ሕክምና ብሉጽ ነጥቢ ንዘመዝገበ ተማሃሪ ብሽሙ ዝተሰርሐ ወርቂ መዳልያ ክወሃብ ወሲኑ።

## ስግንጢራውያን ሕግታት

• ኣብ ሲንጋፖር ድሕሪ ሰዓት 10 ምሸት ዓው ኢልካ ምዝራብ ወይ ምውጫጭ 2,000 ዶላር የቕጽዕ።

• ኣብ ጀርመን ኣብ መዓልቲ ሰንበት ኣልኮል ምሻጥን ምዕዳግን ብሕጊ የቕጽዕ።

• ኣብ ሜክሲኮ፡ ኣብ ጎደናታት ወጺኻ መስተ ምስታይ ፍቑድ ኣይኮነን።

• ኣብ ጋና፡ ሓደ ተዋሳኣይ ኣብ ብዙሕ ፊልምታት ምስ ዝዋሳእ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክኣቱ ይኽእል።

• ኣብ ኤኳታርያል ጊኒ ናይ ወጻኢ መጽሓፍትን መጋዜናትን ምንባብ ዘይሕጋዊን ዘይቕቡልን እዩ።

• ኣብ ማዳጋስካር ነፍሰ ጾር ኳለንስተይቲ ቈቢዕ ኣብ ርእሳ ምስ እትገብር ብሕጊ የቕጽዕ።

• ኣብ ቨርሞንት፡ ደቂ ኣንስትዮ ብዘይ ፍቓድ ሰብኣየን ኣርተፍሻል ስኒ ክገብራ ኣይፍቀደንን እዩ።

• ኣብ ኢንድያና፡ ንፈረስ ኣብ ሰዓት ልዕሊ 16 ማይልስ ምዝዋር ብሕጊ የቕጽዕ።

• ነበርቲ ከተማ ኦታዋ - ካናዳ፡ ማዕጾ ናይ ገዛኦምን ጋራጃቶምን ሊላ ሕብሪ ክለኽዩ ሕጊ ዓዶም ኣየፍቅደሎምን እዩ።

• ኣብ ኣልበርታ - ካናዳ ኣንጭዋ ከም እንስሳ ዘቤት ኣብ ገዛኻ ምስ እተፋሪ ብሕጊ የቕጽዕ።

## ጽሉኣት ቁጽርታት



ቁጽሪ 13፡- እዛ ቁጽሪ ብደረጃ ዓለም ክርአ ከሎ ብፍላይ ድማ ብኣመሪካውያን ኣዝያ ዝተጸልአት ቁጽሪ እያ። ኣብ ህንጻታቶም ዝርከብ ደርቢ መበል 13 ደርቢ ዝበሃል የብሎምን፡ ነዛ ቁጽሪ ብምንጥር ድሕሪኡ ዘሎ ቁጽሪ ይጥቀሙ። ኣመሪካውያን መሃንድሳት ቁጽሪ ደርብታት ክገብሩ ከለዉ 12 ኢሎም 14 እዮም ዝብሉ። መበገሲ ጽልኣት ቁጽሪ 13 ንጹር እኳ እንተ ዘይኮነ፡ 12 ኣማልኽቲ ተኣኪቦምሉ ኣብ ዝነበሩ ግዜ፡ ሓደ ዘይተዓደመ መበል 13 ጋሻ መጽአ እሞ፡ ሓደ ካብቶም ኣቀዲሞም ተዓዲሞም ዝነበሩ ኣምላኽ ብምማቱ ብዙሕ ዕንወት መጽአ ዝብል ጽንውጽዋይ ዝመስል ዛንታ እዩ።

13 ዓርቢ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት እንተ ወሓደ፡ ሓንሳብ ወይ ድማ ሰለስተ ግዜ ተጋጥም'ያ። ኣብ ጥንታዊት ሮማ፡ ቁጽሪ 13 ምስ ሰይጣን ይተኣሳሰር ነይሩ። ኤውሮጳውያን ንግዳያት ዝሓንቅሉ ገመድ 13 ግዜ ይፈትልዎ ነሮም። ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ለንደናዊ ትካል ድሕነት ባሕሪ ነተን ኣብዚ ዕለት'ዚ ዝጉዓዛ መራኽብ ድሕነት ይሁብ ኣይነበረን። ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ክሳብ ሎሚ ኣብዚ ዕለት'ዚ መራኽቡ ኣየንቀሳቕሰን እዩ።

ቁጽሪ 17፡- ኣብ ጥልያን ቁጽሪ 17 ዝተጸልአት ቁጽሪ እያ። ኢጣልያውያን 17፡ xvII ጌሮም እዮም ዝጽሕፍዋ። እዚ ብኸምዚ ዝስዕብ ምስ ዝግምጠል xIvI 'ኣነ ሕጂ ይመውት ኣለኹ' ወይ 'ህይወተይ ሕጂ ተብቂዑ ኣላ' ኢሉ ይትርጎም። ብሰንኪ'ዚ ኣሉታዊ ርድኢት ድማ ኢጣልያውያን ቁጽሪ 17 ይነጥሩዋ።

ቁጽሪ 4፡- ሃገራት ቬትናም፡ ጃፓን፡ ኮርያን ቻይናን ነዛ ቁጽሪ ኣይፈትውዋን እዮም። ምኽንያት ናይዚ ክገልጹ ከለዉ፡ ኣርባዕተ ብናቶም ቋንቋ ክትድመጽ ከላ 'ሞት' ምስ ዝብል ቃል ስለ እትመሳሰል እያ። ከም ውጽኢት ናይዚ ዝበዝሑ ኤስያውያን ነዛ ቁጽሪ ኣብ ዋጋ፡ ኣድራሻን ቁጽሪ ተሌፎናቶምን ኣይጥቀሙላን እዮም።


## መደብ ተለቭዥን

ሰንበት 20/09/2026

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ዶክመንት ቀያሕቲ ዕምበባ |
| 09:50 | መበል 50ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰዉራ |
| 10:30 | መበል 50ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰዉራ |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | መበል 50ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰዉራ |
| 13:40 | ሪፖርታጅ ብዛዕባ ኤግዚብሽን ቤት ሰዉራ |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ጸብጻብ ብዛዕባ ቤት ትምህርቲ ሰዉራ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:05 | መበል 50ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰዉራ |
| 18:35 | ምምሃር ብቛንቛ ኣደ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መበል 50ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰዉራ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መበል 50ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰዉራ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |

(ሰኑይ) ዕለት21/09/2026

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ |
| 12:00 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መበል 50ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰዉራ |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ኣበርክቶ ቤት ሰዉራ |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | መበል 50ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰዉራ |
| 18:35 | ተወሳኺ ንጥፈታት ቤት ሰዉራ |
| 19:10 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | መበል 50ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰዉራ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጃንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

9ይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ካብቶም 11 ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር፡ 3 ክፍልታት፡ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፡ ክፍሊ ቍጠባ ከምኡ'ውን ክፍሊ ሓለዋ ጥዕና ርኢና ነይርና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታምና ድማ፡ ምስ ክፍሊ ሃገራዊ መርሓ ክንላለ ኢና። ካልኣይ ክፋል ትምህርቲ ይቕጽል፥



ደቂታ ዓባይ ድስቲ

ስእሊ፡ ጨ/ስእሊ ሚ/ዜና

ካብ 1975 ጀሚሩ ክሳብ መፋርቕ 1978 ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ሓራ ዝወጸ ዓድታትን ከተማታትን ኣብያተ-ትምህርቲ እናመስረተ፡ ትምህርታዊ ንጥፈታት ከማዕብል ጻዕርታት የካይድ እኳ እንተ ነበረ፡ እቲ ኣብ ሰፊሕ ቦታታት ክዝርጋሕን ክዕንብብን ጀሚሩ ዝነበረ ንጥፈታት ትምህርቲ፡ ድሕሪ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ክቕጽል ኣይከኣለን። ንሓጺር ግዜ ድማ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ጥራይ ተሓጺሩ ነበረ። ተኸታታሊ ወራራት ጸላኢ ተሓምሺሹ፡ ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ ትምህርታዊ ንጥፈታት ንምክያድ ዕድል ኣብ ዝተረኽበሉ መድረኽ ከኣ፡ ነቲ ዘጓንፍ ዝነበረ ዕንቅፋታት (ውግኣት፡ ደርቂ...) እናሰገረ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ንምብጻሕን መሃይምነት ዋሕድን ዓይነትን መምሃራን፡ ሕጽረት መሳርሒታት ከምኡ'ውን፡ ደርቂን ካልእ ባህርያዊ ጸገማትን፡ ትምህርታዊ መደባት ከምቲ ዝድለ ንኸይምዕብል ዕንቅፋት ይኾኑ ነይሮም እዮም። ምስዚ ኩሉ ጸገማት ግን፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ጽንኩር እዋናት ከይተረፈ፡ ኣብ ህዝብን ተጋደልትን ብዘካይዶ ዝነበረ መሃይምነት ናይ ምጥፋእ ዘመተ ኣዝዩ ዕዉት ስራሕ'ዩ ፈጺሙ። ህዝባዊ ግንባር ናብ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ተሰጋጊሩ ሰፊሕ ከባቢታት ድሕሪ ምቁጽጻሩ ከኣ፡ ንምዕባለ ትምህርታዊ ንጥፈት ምቹእ ሃዋሁ ተፈጥረ።

ኣብ መፋርቕ 1980ታት ብዘይካ ፊደላት ግእዝ (ትግርኛን ትግራይትን) ዓረብኛን ካልኦት ብሄራት ሃገርና ፊደላት ላቲን (ላቲናዘይሸን) ክጥቀማ ብዝተወሰነ መሰረት፡ ቋንቋታት ኩናማ፡ ሳሆን ኣዝዩ ዓቢን ሰፊሕን እዩ። ድሕሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምምስራታ ዝቐጸላ ዓመታት 1976-1978 ሰፊሕ ቦታታትን ከተማታትን ሓራ ስለ ዝወጸ፡ ኣብኡ ኣብያተ ትምህርቲ ተመስረተ። ብቐያሕቲ ዕንባባ ዝፍለጡ ውዳበታት መንእሰያትን ቈልዑን፡ ብብእዋኑ እናሰሰነ ቀጸለ። ስእላዊ ኣቋውማ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ ከምዚ ነይሩ፥

ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ብውሱን ዓቕሚ ሓንቲ ጉጅለ ባህሊ ዳርጋ ብዘይ መሳርሒታት መስሪታ ዝቘመት ጉጅለ ባህሊ ምዕቡል ኣወዳድባን መሳርሒታትን ዝዓጠቐት ብምንባራ፡ ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ ዜሮ ተበጊሳ ቀጸለ ምርኢታት እናኣርኣየት ክሳብ ደቀምሓረ ምስ በጽሐት፡ እታ ኣብ ደቀምሓረ ተመስሪታ ዝጸንሓታ ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ ጽቡቕ ኣብነት ኮይናታ'ያ።

ድሕሪ ምዝላቕ ድማ፡ እተን ኣብ ከተማታት ተመስሪተን ዝነበራ ጉጅለታት ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ ምስታ ኣቐዲማ ኣብ ዜሮ ተመስሪታ ዝነበረት ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተጸንቢረን ሓድሽ ኣቋውማን ዳግመ ምውዳብን ብምግባር፡ ሓንቲ ምዕብልቲ ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ቈይማ። እዚ ድማ፡ ፍረ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እዩ።

ስለዚ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እቲ ብጉጅለ ባህሊን ካልእ ክለባት ስነ ጥበብን ዝፈለሙቶ ንጥፈታት'ዩ ደሓር ንቤት ትምህርቲ ስነ ኪነት ዝመገበ፣ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ'ውን፡ ካብቲ ፍሩይ ፍረ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እዩ። ስለዚ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብተን ቀዳሞት ዓሰርተ ዓመታት ማለት ካብ 1976-1987 ኣብ ዝነበረ እዋን ብብመድረኹ ኣብ ብዝሒ ተማሃሮ ዘመዝገበቶ ምዕባለ ካብታ ብኣጋጣሚ ዝኸሪ መበል 25 ዓመት (ብሩራዊ ኢዮቤል) ዝተሓትመት መጽሔት ፊተውራሪ ዝተረኽበ ኣሃዛት ብኸምዚ ዝስዕብ ክግለጽ ይከኣል።



ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ምዝላቕ 1978-1979

ንምጥፋእን ጨንፈር ትምህርቲ ብንጥፈት ክንቀሳቐስ ጀመረ።

ኣብ 1983 ንኣብነት ሓሙሽተ ሚእቲ ዝኾኑ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራን መምህራንን ናብ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ንምስታፍ ናብ ሓራን ሓውሲ-ሓራን ፋሕ በሉ። እዚ ድርብ ዕላማ ዝነበሮ መደብ'ዚ፡ ዘመትቲ ኣብ ርእሲ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኣትዮም ማሕበረ-ቍጠባዊ መነባብሮ ህዝቦም ክፈልጡን ማሕበራዊ ክብርን ስነ-ምግባርን ክቕስሙን እኽኢሉዎም እዩ። ብኣሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ ከኣ፡ ተጠቃሚ ናይቲ ወፍሪ ብምዃን ካብ መሃይምነት ክገላገል ከኣለ።

ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ትምህርቲ ንምዝርጋሕ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ጻዕሪ፡ ወተሃደራዊ ኮነታት፡ ዓፋርን ብቕልጡፍ ክጥቀማሉ ጀመራ። ናራ፡ ብሊንን ብዳዌትን ከኣ፡ ድሒረን ክጥቀማሉ ከኣላ።

ጨንፈር ትምህርቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ልዕሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ንተማሃሮ ብክለባት ብምጥርናፍ ስሩዕ ናይ ቅብኣን ሙዚቃን ትምህርቲ'ውን፡ ይህብ ነይሩ። ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባን ናይ ቈልዑ ኦርኬስትራን ብምጥቃም፡ ህዝብን ሰራዊትን ኣብ ምጉስጓስ ዓቢ ተራ ይጻወት ነበረ። ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ምስ ቈመ ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ውድብ ዘገልግሉ ሞያውያን ፈርዮም፡ ዝነበረ ሕጽረት ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብ ከቃልሉ ክኢሎም እዮም።

እምበኣር እታ ኣብ መስከረም 1976 ኣብ በዓት ቢጫይ (ዜሮ) ዝቘመት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ዘበርከተቶ ትምህርታዊ ምዕባለ ብኸበሮን ጣቕዒትን ጥራይ ኣብ ውሽጢ ዜሮ ንተማሃሮን መምህራንን ቀጸለ። ምርኢት ከተቕርብ ከላ፡ ድሕሪኣ ምስ ምስፋሕ ሓራ ቦታታት ድማ፡ ኣብ ብዓል ከረንን ደቀምሓረን ከምኡ'ውን፡ ወኪዛግር ካልኦት ጉጅለታት ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ ሰሲነን። ብፍላይ እታ ብቐያሕቲ ዕንባባ ደቀምሓረ

| ቁ | ዓመተ ትምህርቲ | ደረጃታት ትምህርቲ 1ይ | 2ይ | 3ይ | 4ይ | 5ይ | 6ይ | 7ይ | 8ይ | ጠቕላላ ድምር |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1. | 1976-77 | 147 | 93 | 66 | - | - | - | - | - | 306 |
| 2. | 1977-78 | 351 | 186 | 186 | 96 | - | - | - | - | 819 |
| 3. | 1978-79 | 341 | 534 | 249 | 165 | 105 | - | - | - | 1395 |
| 4. | 1979-80 | 399 | 310 | 336 | 267 | 192 | 105 | - | - | 1609 |
| 5. | 1980-81 | 300 | 218 | 298 | 392 | 554 | 176 | 82 | - | 2020 |
| 6. | 1981-82 | 355 | 327 | 321 | 203 | 187 | 198 | 95 | 72 | 1758 |
| 7. | 1982-83 | 839 | 494 | 294 | 231 | 123 | - | - | - | 1981 |
| 8. | 1983-84 | 392 | 589 | 499 | 304 | 190 | 28 | - | - | 1994 |
| 9. | 1984-85 | 401 | 471 | 391 | 302 | 194 | 108 | 17 | - | 1884 |
| 10. | 1985-86 | 778 | 456 | 431 | 363 | 217 | - | - | - | 2245 |
| 11. | 1986-87 | 1204 | 456 | 550 | 448 | 304 | 198 | - | - | 3169 |

## ቤት ትምህርቲ ሰውራ

ኣደ ንእስነተይ፡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ
ደቂ ትሽዓተ ብሄራት፡ ብሓደ ጠሚራ
ነቲ ድሑር ባህሊ፡ ኣብ ባይታ ቀቢራ
ትእምርቲ ጽንዓት፡ ዝድርዕ ንኽብራ
መሰረት ዘንጸፈት፡ ንሓዳስ ኤርትራ
ድሕሪ 50 ዓመት፡ ሎሚ ክንዝክራ
ሓበነይ ኮርዓተይ፡ ሓብሓቢት ሰድራ።

ፈላሚት መጻኢና፡ ትፋለጥ ብዜሮ
ምእማኑ ዘጸግም፡ ሎሚ ክትዝክሮ
ውድብና ንምቕባር፡ ወፊሮም ቀባሮ
ራእይ ዘወነነ፡ ምስ ጥዑይ ኣእምሮ
ኣላሽ ኣበልናዮም፡ ኩይናም ዝሮምሮ።

ኣለይቲ ዘኪረ፡ ነቶም ውፉያት
መምሃራን
ነቲ ፊተውራሪ፡ ምስቲ ንእሽቶ ህጻን
ሕድሪ ተሰኪሞም፡ ዝለዓለ ስልጣን
ክንዲ ኣደን ኣቦን፡ ኣብቲ መሪር እዋን
ምሂሮም ሓብሒቦም፡ ኣዕጢቖምና ፍናን።

ኣይረሰዓኩዎምን ሓካይምና፡ ኣወጣሽ
ክንዲ ኹሉ
ሃለኽለኽ ኣብ ስርሖ፡ ንሕሙም ክትሕሉ
ምምጋብ ነይሕሰብ፡ መዓስ ከተርክበሉ
ደሃያ ስኢኑ ከመይ ኮን ትህሉ፧

ኩሉኹም ኣባላት ቤት ትምህርቲ ሰውራ
ብህይወት ዘለኹም፡ ሰማእታት ኤርትራ
መትከልና ስዒሩ፡ ሃገርና ከቢራ
ቅድድም ማራቶን፡ ክቃደሱ ካብ ባሕራ።

ቅድሚ 50 ዓመት፡ ንድሕሪት ክምለስ
ዓሉቕ ሶቬታውያን፡ ውድብና ክድምስስ
ንብረትካ ተሰኪም፡ ብቕልጡፍ ተበገስ
ዕድመ ዘይቈጸረ፡ እቲ ህጻን ይታኸስ።

ምምጋብ እኽሊ፡ ማይ ነይሕሰብ ብሱሩ
ብርሃን ናይ ታንክታት፡ ባና ተቐዪሩ
እታ ኣደ መብጸዓ፡ እናበለት እርሩ
ከም ሻሙ ሓላፊ፡ ሎሚ ተዘኪሩ።

ጉዕዞና ቀጺልና፡ ገረግር ቀብርወኣት
ሓወልዕ ኣራግ፡ ከምኡ'ውን ሓሊበት
ቀትሪ ኣብ በዓቲ፡ ነፈርቲ ነቋምት።

ግልዕ ገዳይን፡ ጀልሃንቲ ምስ ዓሬርብ
ከም ምሕላፉ ሓሊፉ፡ ዓቕልኻ ዘጽብብ።

ኣብታ ዓባይ ድስቲ፡ ኩሉ ዝተመገበ
ዕዙዝ እዩ ተራኡ፡ ኣብቲ ሓመድ ድብ
እቲ ህሉው ይምክት፡ እንሆ ከይቀረበ።

ሎሚ ክንዝክር፡ ዘደንጹ ኣመና
ሕሰም ሰጊርናዮ፡ ስንና ነኺስና
ሃገረይ ዘይብል፡ ኣይኮነን ከባና
እንሆ ነዘንቱ፡ ክትፈልጡ ደቅና።

እወ፡ ደቅና ለብሙ፡ ኣብቂዑ ግዜና
ነገር ተወራሪሱ፡ ኣጽንዑ ሕድርና
እንቋዕ ኣብቅዓና፡ ዝኽሪ ንሰማእታትና
የሃና የሃና፡ ንመበል 50 ዓመትና።

ዓወት ንሓፋሽ!
መምህር ማሕሙድ ዓፋ መሓመድሰዒድ
ን/ዞባ ግንዳዕ

# Vacancy Announcement

ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC (Pre-stripping Team) is inviting qualified and competitive applicants for the following positions:

## 1: Mining Progress Engineer

- Number Required – One (01)
- Place of work: Kerkebet
- Type of contract: Definite period of one year
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Stipulate mining project progress plan including yearly, seasonal, monthly plan with P6 software.
- Establish demonstration for construction progress of mining project by using software include 3D Max, PR and Datamine.
- Collect and renew progress data for all different sub-items include design, procurement, construction, personnel site entry plan, etc.
- Follow and supervise the implementation of the project progress plan.
- Draft construction daily report, weekly report, monthly report for mining project.
- Review the process data provided by sub-contractors.

**Qualification Requirement**

**Education:**

- Bachelor’s degree or above, master’s degree is preferred
- Major in Mining Engineering, Civil Engineering Management or related majors
- CET level 4 English language skill or above is preferred

**Work Experience:**

- Two years or above of project progress management for engineering project

**Other skills and abilities:**

- Proficient to use software include P6 progress software, 3D Max, PR and Datamine.
- Ability to work in culturally diverse working environments.
- Ability to work well with people from different country with different culture.
- Project management skills.
- Problem solving skills, Teamwork, and collaboration skills.

**Language:**

- Language fluency in English is required.

## 2: Blast Engineer:

- Number Required – One (01)
- Place of work: Kerkebet
- Type of contract: Definite period of one year
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Design, plan monitor and report on all Drill & Blast activities to ensure productive and efficient mining operations;
- Achieve optimal, safe blast results and align with cost restrains and managing clean ups
- Coordinate with internal resources (mine planning, geology, production, drill supervisor) to schedule and execute blasting activities in a safe and efficient manner
- Monitor drill and blast production data and take appropriate action to maintain targets, be able to verify, analyze, and report blast performance data
- Investigate and introduce new innovations to improve drilling and blasting performance, continuous improvement by identifying opportunities for project improvement and implementing improvements for the Drill and Blast processes
- Complete the other works arranged by supervisors/line manager

**Qualification Requirement**

**Education:**

- Bachelor’s degree or above
- Major in Special energy technology and engineering, blasting technology or mining engineering etc. related majors
- CET level 4 English language skill or above is preferred

**Work Experience:**

- Two years or above of mining company with considerable drilling and blasting operation experience
- Relevant certificate is preferred

**Other skills and abilities:**

- Excellent language skills
- Proficient in operating the office software
- Have advanced computer experience using Vulcan, Blast logic, Excel and Word.
- Have Blast Engineer Certificate

**Language:**

- Language fluency in English is required.

- **Address: Please mail your application to following two addresses**

**1. ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC.**
**P.O.Box 6547 Asmara, Eritrea**
**2. Mineral Resources Management**
**P.O. Box-272, Asmara**

**Note to Non-Eritrean applicants: Please send a copy of your application to**

**Aliens Employment Permit Affairs**
**P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea**

ሪፖርታዥ

ማርታ ክብሮም

# ምርኢት ካርኒቫል ቤት ትምህርቲ ሰውራ




ቅንያቱ፡ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝጽምበለሉ ዘሎ እዩ። እዚ ብዝተፈላለዩ መደባትን ምርኢታትን ዝጽምበል ዘሎ ዓቢ በዓል፡ ዝሓለፈ ዓርቢ'ውን ኣብ ጎደናታት ሓርነት ብዝተገብረ ምርኢት ካርኒቫል እዩ ደሚቑ ኣምሲዩ።

እቲ ከባቢ ሰዓት 3 ድሕሪ ቀትሪ ዝጀመረ ካርኒቫል፡ ኑቲ መደብ ንምድማቕ ካብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ኣስመራ ብዝተኣኻኸቡ ኑቲ በዓል ዘንጸባርቕ ኣልባሳት ዝተኸድኑ ተማሃሮ፡ መንእሰያት፡ ኣዴታትን ኣቦታትን እዮም ኣብቲ ጽምብል ተሳቲፎም። መጀመርታ ብመሪሕነት ኣባላት ማርሽን ባንድ ዝጀመረ ምርኢት ጎደና፡ ልብሲ ምልክት፡ ሕክምና፡ ሓይሊ ኣየር፡


ወይኒ ኣብርሃ

ሓይሊ ባሕርን ኣጋር ተጋደልትን ዝተኸድኑ መንእሰያት ብኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ተሰንዮም ብውዕውዕ ወኒ እናደረፉን እናሳዕሰዑን ይሰዕቡዎም ነበሩ። ድሕሪ'ዚ፡ ኣባላት ቤት ትምህርቲ



ዳኒኤል ገብረስላሴ

ሰውራ፡ ኣስማት ናይተን ኣብቲ ግዜ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበራን ኑቲ መዓቲ ዝገልጽ ቴማታትን ሒዞም ይስዕቡዎም ነበሩ። ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዓራግ፡ ሓወልዕ ዓራርብ፡ ጻብራ፡ ሳትረብ፡ ደቀምሓረ፡ ጀልሃንቲ፡ ግዚተቡ፡ ዜሮ ምጥቃስ ይከኣል። ቀጺሎም ከኣ ነበርቲ 13 ምምሕዳር ንኡስ ዞባታት ኣስመራ ባንዴራ እናኣንበልበሉ ኑቲ ጽምብል ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ቴማታትን ጽሑፋትን ሒዞም ይስዕቡዎም ነበሩ።

"ዕዙዝ ዝኽሪ፡ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር፡" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝበዓል ዘሎ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ንዝተሓልፈ ጽንዓትን ቃልሲን ህዝቢ ኤርትራ ብዝግባእ ከንጸባርቑ ክኢሉ እዩ። ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምስ ብዙሕ ብድሆታቱ እዩ ኣብ 1976 ኣብ ሜዳ ተመስሪቱ። ንብዙሓት ህጻናትን መንእሰያትን ከኣ ብዝግባእ ሚሂሩን መልሚሉን ኣብ ዝግባእ ኩብጽሕ ዝኸኣለ ሰውራዊ ቤት ትምህርቲ እዩ።

ተሳቲፍቲ ካርኒቫል፡ ኣብ ኣደባባይ በቦታኦም ምስ ሓዙ ተመኩሮኦም ከካፍሉና ንገለ ካብ ኣባላት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበሩ ረኺብና ኣዘራሪብናዮም ነይርና።

ፈለማ ዘዘራረብናያ ጆሜትራ ኤደን ዘርኢየውሃንስ እያ። ንሳ ንመደብ ወርቃዊ ኢዮቤል ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንምጽንባል ካብ ቅድሚ ሰለስተ ወርሒ ኣትሒዞም ምድላዋት ከም ዝጀመሩ እያ ገሊጻ። ንሳ ቀጺላ፡ "ኣነ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዓራርብ እየ ነይረ። ኩሉ ብድሆታት ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ቅሩብ ደሓን ምስ ኮነ እየ ናብኡ ተጸንቢረ። ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣደናን ሓብሒብትናን እያ። ኣብ ሞንጎና ዝነበረና ፍቕርን ምትሕልላይን ካብቲ ብፍሉይ ዝዝክሮ እዩ። ንኻልእ ሰብ ተራ ቤት ትምህርቲ ክመስሎ ይኽእል እዩ። ንዓና ግና፡ ዓድና፡ ሃይማኖትና፡ ስድራና ኮታስ ኩሉ ነገርና እያ ነይራ። ኣነ ሕጂ ንድሕሪት ተመሊሰ ክዝክሮ ከለኹ፡ ብፍሉይ ኑቶም ኣብቲ ግዜ ኣለይትና ዝነበሩ ከመስግኖም እደሊ። ምኽንያቱ እዚ ሕጂ ዘለናዮ፡ ናቶም ውጽኢት ስለ ዝኾነ፡" ኢላ።

ኣብ መወዳእታ ኤደን፡ ኑቲ ኣብዚ ደረጃ ክንበጽሕ ከም ሽምዓ ኮይኖም ዝሓለፉ ስውኣትና ክብርን ምስጋናን ከም ዝግብኦም ገሊጻ።

ኣባል ሓይሊ ባሕሪ ዳኒኤል ገብረስላሰ ብወገኑ፡ "እዚ መደብ ብውዕዉዕ መንፈስ ኢና ንጽምብሎ ዘለና። ሕጂ ንድሕሪት ተመሊሰ ክዝክሮ ከለኹ፡ ብዙሕ ነገራት እየ ዝዝክር። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ሃይማኖትን ዓድን ብዘየገድስ ትሽዓተ ብሄራት ኣብ ሓደ መኣዲ በሊዕና፡ ሰቲና፡ ደቂስናን ተማሂርናን። ብኹሎኡ ከኣ 'ደቂ ዓባይ ድስቲ፡' ተባሂልና ንጽዋዕ ነይርና። ጀጋኑ ሰዉኣትና ከኣ ኣብ ቅድሚ ግንባር ኮይኖም እናተዋግኡን እናተሰውኡን ብደሞም ኣምሂሮምና እዮም፡" ክብል ገሊጹ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ኣነ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ከለኹ እየ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣትየ። እቲ ህይወት ኣዝዩ ጽቡቕ ነይሩ። ብሓባር ንምግብ፡ ንሕጸብ ኮታስ ኩሉ ንጥፈታትና ብሓደ'ዩ ነይሩ። ኣለይትና ከኣ ብፍሉይ እዮም ዝሕብሑቡናን ዝከናኸኑናን ነይሮም። ኣነ ኣብ ቤት ትምርህቲ ሰውራ ብፍሉይ ዝዝክሮ፡ ኣብ ሞንጎና ዝነበረ ፍቕሪ እዩ። ኣለይትናን መማህራንን ዕድሚኦም ካብ 18-25 ዓመት ዝሓልፍ ኣይነበረን። ግና ኣዝዮም ንፉዓት ሓብሓብትን መማህራንን እዮም ነይሮም። ኮታስ ብዝግባእ ስለ ዘምሃሩና ግና ኣብ ንኡስ ዕድሜና ከለና ፍቕሪ ሃገር ኣብ ደምና ክሰርጽ ክኢሉ። መስዋእቲ ምእንቲ ሃገር ዝኽፈል ረዚን ነገር ምዃኑ ቀልጢፉ እዩ ተሰዊጡና። ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ መምህር ህይወት ኢሉ እየ ክገልጾ ዝኽእል።" ኢሉ።

ዳኒኤል ካብ ፍሉይ ተዘክሮታቱ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ክገልጽ ከሎ፡ "ተማሃሮ ከለና፡ ሕጽረት ጥራዝ ስለ ዝነበረ፡ ሓንቲ ኣብ ክልተ ኢና ንወሃብ ነይርና። ክልተ ካብ መማህርትና ግና ጥራዞም ኣጥፊኦም። መምህር ጥራዞም ኣበይ ከም ዘሎ ምስ ሓተቶም ከኣ ከም ዝጠፍኦት ይነግርዎ። ወዮ መምህር ኣብቲ ግዜ ጥራይ ኩተጥፍእ ከቢድ ስለ ዝነበረ፡ 'ጥራዝኩም ግድን ደሊኹም ተምጽኡዎ፣ ዋላ ካብ እንዳ ሰይጣን ከይድኩም ኣምጽኡዎ ይብሎም' እሞ፡ 'ሐራይ' ኢሎም ምስ ከዱ፡ እቲ ሓደ ኑቲ ካልኣዩ ዕትብ ኢሉ፡ 'ኣታ ሰይጣን ዝበሃል መማህርትና ደዩ ሰሪቑካ' ኢሉ ሓተቶ። ካልኣዩ ከኣ፡ 'ኣነ ሰይጣን ኣይፈልጦን እየ፡' ኢሉ ይምልሰ። ንመምህሮም እንታይ ኢሎም ከም ዝምልስሉ ዝጠፍኦም ተማሃሮ፡ ንጽባሒቱ፡ መምህር ኣብ ክላስ ብዛዕባ ጥራዞም ምስ ሓተቶም፡ መን እዩ ሰይጣን ኣፍልጦ ዘይነበሮም ተማሃሮ፡ "ሰይጣን ዝበሃል ተማሃራይ መን ምዃኑ ኣይንፈልጦን ኢና። ስለዚ፡ ካበይ ከነምጽኣ ከም ንኽእል ኣይፈለጥናን፡" ኢሎም መለሰሉ። ወዮ መምህር ሰይጣን መን ምዃኑ ኣረዲኡን ስሒቑን ገደፎም።"

ወይኒ ኣብርሃ ኣብ 1976 ጓል ትሽዓተ ዓመት ከላ እያ ኣብ ዜሮ ናብ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣትያ። ንሳ ምስ ስድራቤታ ካብ ወደል ሐሎ ዝበሃል መዓስከር ስደተኛታት ሱዳን እያ ናብኡ መጺኣ። ካብ ካልኣይ ክሳብ ሻዱሻይ ክፍሊ ከኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተማሂራ። ድሕሪኡ ከኣ ጭርሖ ህዝባዊ ግንባር 'ዝተማህረ ይምሃር፡ ዘይተማህረ ከኣ ይመሃር፡' ይብል ስለ ዝነበረ፡ ኣብ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ንኽትምህር ናብ ሺላሎ እያ ከይዳ። ካብ 1983-85 ከኣ ንኽልተ ዓመታት ኣብኡ ምሂራ። ድሕሪ ናጽነት ከኣ ናይ 12 ትምህርታ ክትዛዝም ክኢላ።

ንሳ ብዛዕባ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበራ ተዘኩሮታት ክትገልጽ ከላ፡ "ቤት ትምህርቲ ሰውራ ጀልሃንቲ ልዕሊ ዓቀን ሙቐትን ጸሓይን ዝነበሮ ቦታ እዩ ነይሩ። ሓደሓደ ግዜ እቲ ሙቐት ካብ ምብርታዑ ዝተላዕለ ካብ መደቀሲ ንምግቡና ክንከይድ ንሸገረሉ ግዜ ነይሩ። እቲ ጽቡቕ ነገሩ ግና እቲ ቦታ ማይ ነይርዎ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ጸላኢ ክመጻና ከሎ ከኣ ኣብ በዓትታት ከድና ንሕባእ ነይርና። ኣብ ዓይኒ ክሻፋ ከይንኣቱ ሕብራዊ ክዳን ኣይንኽደን ነይርና። ውተሃደራዊ ወይ ምስቲ ዝነበርናዮ ቦታ ዝመሳሰል ሕብሪ ዘለዎ ክዳውንቲ ክንክደን ኢና ንግደድ ነይርና፡" ክትብል ተዘንቱ።

ኣብ መወዳእታ ዘዘራብናዮ ኣባል ሓይሊ ኣየር ካፒተን ልኡል ኪዳነ እዩ። ንሱ ኑቲ ሽዑ ዝነበረ ኩነታት ከምዚ ብምባል እዩ ዝገልጾ፡ "ኣነ ምስ ስድራቤተይ ተጠራኒፍና ኢና ኣብ ሰነ 1976 ካብ ኣስመራ ንሰውራ ወጺእና። ኣብቲ ግዜ ወዲ ክልተ ዓመት፡ ሓወይ ከኣ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ኴይና ኢና ንቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣቲና። መጀመርታ ኣብ ቤት ሰውራ ጻብራ፡ ድሕሪኡ ከኣ ኣብ ዓራርብ እየ ነይረ። ህጻናት ብምንባርና ኩሉ ኣብኡ ዝነበረ ሰብ እዩ ፍቕርን ሓልዮትን ዝልግሰልና ነይሩ። ስለዚ፡ ዝዐዛሕና ኣብኡ ዝዓበና፡ ህይወትና ምስቲ ውድብ ዝተተሓዘ እዩ ነይሩ፡"

ንሱ ቀጺሉ፡ "ካብ'ቲ ዝተሓተ ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ከኣ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣምሂሩና እዩ። ድሕሪኡ'ውን ሳላ መሰረት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቴክኒክ ብሞያ ምህንድስና ትምህርተይ ክዛዝም ክኢለ። ቀጺለ ከኣ ብሞያ ኤሌክትሪካል ኢንጂነሪን ብዲግሪ ትምህርተይ ዛዚመ። ህዝባዊ ግንባር ካብ ግዜ ህጻንነትና ኣትሒዙ ኮስኲሱ እዩ ኣዕቢዩና። ሕማቕ ባህርያት ማለት ከም ሓሶትን ስርቅን ከይፈለጥና ኢና ዓቢና። ምትሕግጋዝን ፍቕርን ከኣ ነይሩና። እታ ካብ ኩላ ዝዓበየት ዝተማሃርናያ ግና ኑብሰኻ ምኽኣል እያ። ብዘይካ'ዚ፡ ህዝባዊ ግንባር ብዙሕ ናብ ዓወት ኩብጽሕዎ ዝኸኣሉ ጭርሖታት ነይሮሞ እዮም፡ ሓንቲ ካብኣ 'ዘይተማህረ ይመሃር፡ ዝተማህረ ከኣ ይምሃር' ትብል እያ ነይራ። ስለዚ ከኣ ኢና ዝቦዘሕና ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝዓበና፡ ኣብ ትምህርቲ ብሉጻት ክንከውን ክኢልና። ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነን ዝምህር ነይሩ፣ ዝተፈላለዩ ሞያታት ከም ቅብኣ፡ ሙዚቃን ካልእን ብዙሕ ሞያታትን 'ውን ብዝግባእ ኣምሂሩና እዩ፡" ኢሉ።

ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ሕጂ ኣብ መላእ ዓለም ክትረኽቦ ዘይትኽእል ፍሉይ ባህሪ ከም ዝነበሮም እዩ ልኡል ዝገልጽ። ንሱ፡ ኑቲ ሽዑ ዝነበረ ኩነታት ንድሕሪት ተመሊሱ ክዝክር ከሎ፡ "ካላማዳርያ ናይ ዓበይቲ መካይን ብሓይሊ እናደፋእና ናብ ጎቦ ነደይቦ፡ ኣብቲ ግዜ፡ ደቂ 9-10 ዓመት ኢና ነይርና። ኣብ ጫፍ ናይቲ ጎቦ ምስ ኣብጻሕናዮ ከኣ ኣብ ውሽጡ


ካፒተን ልኡል ኪዳነ

ኣቲና ናብ ሩባ ንኣቱ ነይርና። ብሓፈሻ እቶም ኣብኡ ዝነበርና ተማሃሮ ንሓደ ዝረኣናዮ ነገር ብዘይ ጸገም ክንደግሞ ኣይንሸገርን ነይርና። ንኣብኑት ኣክሮባት ይኹን ካልእ ምግልባጥ ዘይክእል ኣባል ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዳርጋ የለን። ኣብ ሩባ ይኹን ዒላ ክንሕንብስ ከለና


ኤደን ዘርእየውሃንስ

ሰለስተ ኣርባዕተ ግዜ ተገላቢጥና ኢና ንኣቱ ነይርና፡" ኢሉ እዩ ብተመስጦ ኣዕሊሉና። ምስኡ'ውን ባህልን ልምድን ሕብረሰብ ኣካል ትምህርቶም ከም ዝነበረ ዘረድኡ።

"ቤት ትምህርቲ ሰውራ መማእዘኒት ናይ ናእሽተይ ወለዶ እያ። እዚ ሕጂ ደቅና ኣብ ሳዋ ወሪዶም ግቡእ ኣካዳሚያውን ወተሃደራውን ትምህርቲ ዝቐስምዎ ዘለዎ፡ ሰረቱ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እዩ፡" ዝበለ ልኡል፡ ኑቲ ኣብዚ ደረጃ ንኽበጽሑ ዝሰርሖም ህዝባዊ ግንባር፡ ብድሕሪኡ ከኣ ኣብ ትሕቲ ውድብ ኮይኖም ዝኣለይዎምን ዝሓብሓብዎምን ኣለይትን መማሃራንን ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ መጐሰ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተማሃርዎ ባህልን ስነ ምግባርን ናብ ናይ ሎሚ ወለዶ ምትሕልላፍ፡ ሓላፍነትን ግዴታን ኩሉ ዜጋ ምዃኑ ተላብዩ።



